## እንታይ እየ ዝወሃብ ካብ ወሃቢ ስራሕ፧

ውዕል ስራሕ ገደብ ግዜኡ ምስ ዘብቅዕ፣ ናይ ስራሕ ወረቓቕቲ ክትወሃቡ መሰል ኣለኩም። ነዞም ዝስዕቡ ከኣ የጠቓልል፡-

- ሰነድ ምስንባት (abmeldung) ካብ መዝገብ ማሕበራዊ መድሕን (Sozialversicherung)
- ዝተሓትመ ሰነድ ብዛዕባ ቀረጽ ናይ ደሞዝ (Lohnsteuerbescheinigung)
- ብቑዕ ናይ ስራሕ ወረቐት ምስክር (Arbeitszeugnis)

ናይ መወዳእታ ናይ ደሞዝ ሕሳብ ሰነድ (Lohnabrechnung) ከም ዝተዋህበኩም ኣረጋግጹ! ዘይተኸፈለ ደሞዝ ወይ ናይ ስራሕ ዓመታዊ ዕረፍቲ አንተለኩም ግድን ክትክፈልዎ ይግባእ። ብተወሳኺ፣ ወሃቢ ስራሕ ናይ ስራሕ መሰነይታ ሰነድ (Arbeitsbescheinigung) ንኣጀንስያ ዕዮ (Agentur für Arbeit)/ ማእከል ሽቕለት (Jobcenter) ሓደ ቅጥዒ ክመልእ ኣለዎ ከምኡ›ውን ናይ ሽቅለት ኣልቦነት መሰልኩም ሕሳብ መታን ክግበር ናብ ኣጀንስያ ዕዮ ከመሓላልፎ ይግባእ። እቲ ናይ ስራሕ መሰነይታ ሰነድ ቅጥዒ ካብ ኣጀንስያ ዕዮ ወይ ካብ ማእክል ሽቕለት ትቕበልዎ።

## መን እዩ ዝሕግዘኒ፧

ብመሰረቱ ብቕጽበት ክትፍርሙ የብልኩም። ርግጸኛታት እንተ ዘይኴንኩም ወይ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ምኽሪ ክትረኽቡ ፈትኑ። ምስንባት ካብ ስራሕ (Kündigung) ግቡእ ድዩ ኣይኮነን ክኢላታት ጥራይ አዮም ክውስንዎ ዝኽአሉ። ሓገዝ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ክትረኽቡ ትኽአሉ፡-

- ማእከል ምኽሪ ርትዓዊ ምውህሃድ (Faire Integration)
- ማሕበር ስራሕተኛታት
- ኣብቲ ትሰርሑሉ ትካል ዘለው ቤት-ምኽሪ ሰራሕተኛታት
- ጠበቓታት

ኣብ ጥቃኹም ዝርከብ ኣድራሻ ናይ ምኽሪ ዝልግሱ ማእከላት ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታት ኣብ www.faire-integration.de ክትረኽቡ ትኽእሉ።

መደብ ሓገዝ "ምውህሃድ ብስልጠና" [Integration durch Qualifizierung (IQ)] ናብ ባይታ ስራሕ ንምጽንባርን ነዚ ብዘላቒ ንምምሕያሽን ዝሃቀነ ኮይኑ ብቐንዱ ንናይ ስደት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ብዕድመ ዓበይቲ ወጻእተኛታት ዝጠመተ እዩ። ኣብኡ ኣብ መላእ ሃገር ዘለዋ መርበባት ብናይ ወጻእተኛታት ጉዳያት ዝከታተላ ሞያውያን ቤት ጽሕፈታት ይሕገዛ። እቲ መደብ ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (BMAS) ማሕበራዊ ሳጹን ኤውሮጳን (ESF) ይምወል። ነዚ መደብ ኣብ ምትግባር ድማ ሚኒስትሪ ትምህርትን መጽናዕትን (BMBF) ኣጀንስያ ዕዮን (BA) መሻርኽቲ እዮም።

Stand: März 2020

Impressum | Herausgeber: Projekt Support Faire Integration, DGB Bildungswerk BUND e.V., Hans-Böckler-Str. 39, 40476 Düsseldorf, Redaktion: Marie Bauer, Laura Chelebet, Jochen Empen, Layout: Gereon Nolte, ZWH e.V.

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales

Europäischer Sozialfonds für Deutschland

Europäische Union

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

In Kooperation mit:

Bundesministerium für Bildung und Forschung

Bundesagentur für Arbeit

IQ Netzwerk Integration durch Qualifizierung

FAIRE INTEGRATION

TIGRINYA

# ስንብታ ካብ ስራሕ (Kündigung)

እንታይ እዩ ክፈልጦ ዘግበኣኒ!

## ምስንባት ካብ ስራሕ (Kündigung) እንታይ እዩ፧

ብምስንባት ካብ ስራሕ እቲ ዝጸንሐ ናይ ስራሕ ዝምድና የቋርጽ። ስራሕ ብመንገድኹም ወይ ብመንገዲ ኣስራሒኹም ክቋርጽ ይኽእል እዩ። ክልተ ዓይነታት ምስንባት ካብ ስራሕ ኣለው፡-

- ኣብ'ቲ ብስሩዕ መንገዲ ዝግበር ስንብታ ካብ ስራሕ (fristgerechten/ordentlichen Kündigung) ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ ገደብ ግዜ ናይ ስንብታ ካብ ስራሕ ኣሎ። እዞም ገደብ ናይ ግዜ ኣብ ሕጊ ወይ ኣብ ናይ ሓባራዊ ምውጋይ ውዕል (Tarifvertrag) ዝረቖቑ እዮም። ብሕጊ ዝተዋህበ ገደብ ግዜ ናይ ምስንባት ካብ ስራሕ ኣብ ናይ ፈተነ እዋን (Probezeit) ክልተ ሰሙናት ኣቢሉ ይበጽሕ፣ ብድሕሪ'ኡ ድማ እንተወሓደ ኣርባዕተ ሰሙናት ንዕለት 15 ወይ ንመወዳእታ ወርሒ ይኸውን። ብስሩዕ መንገዲ ካብ ስራሕ እንተ ተሰናቢትኩም ምኽንያት ናይ ምስንባት ካብ ስራሕ ክተቕርቡ ኣይትግደዱን ኢኹም፤ እቶም ገደብ ግዜ ናይ ምስንባት ካብ ስራሕ ግና ክተኽብርዎም ኣለኩም።
- ብመንገዲ ዘይስሩዕ ምስንባት ካብ ስራሕ (fristlosen/außerordentlichen Kündigung) እቲ ናይ ስራሕ ዝምድና ብቕጽበት ደው ይብል። ክኽበር ዘለዎ ገደብ ግዜ የለን። ሰራሕተኛን ኣስራሕን ነቲ ስራሕ ብዘይስሩዕ መንገዲ ንኸገድፉ ኣገዳሲ ምኽንያት የድልዮም፣ ንኣብነት ዓመጽ ኣብ ቦታ ስራሕ ወይ ስርቂ። ሓድሽ ቦታ ስራሕ ኣብ ካልእ ትካል ምስ ትረኽቡ፣ ብዘይስሩዕ መንገዲ ወይ ብቕጽበት ስራሕ ንኽትገድፉ ምኽንያት ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

## ንነብሰይ ብኸመይ ክጣበቕ/ክከላኸል ይኽእል፧

ንነብስኹም ካብ ምስጓግ ስራሕ ክትከላኸሉ እንተ ደሊኹም ናብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ዕዮ ጥርዓን (Kündigungsschutzklage) ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ካብ ስራሕ ዘሰናብት ወረቐት እንተ መጽዩኩም ቀልጢፍኩም ስጉምቲ ክትወስዱ ኣለኩም። ነዚ ጥርዓን ክተቕርቡ ናይ 3 ሰሙናት ግዜ ጥራይ እዩ ዘለኩም።

## ክጥንቀቐሎም ዝግበኣኒ እንታይ እዮም፧

ወሃቢ ስራሕ ካብ ስራሕ ክሰጎኩም ምስ ዝደሊ ክማልኦ ዘለዎም ሰለስተ ወግዓውያን ኩነታት ኣለው። ካብኦም እቶም ቀዳሞት ክልተ ነጥብታት ንስኹም ባዕልኹም ነቲ ስራሕ ክትገድፍዎ ምስ እትደልዩ እውን ዝምልከት እዩ።

1. ክታም ዘለዎ ደብዳበ - ብጽሑፍ ዝቐረበ ሰነድ - ካብ ስራሕ ንምስንባት ብቑዕ እዩ። ምስንባት ካብ ስራሕ ብመንገዲ ኢመይል፣ ናይ ተለፎን ጽሑፍ መልእኽቲ (SMS) ወይ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት (WhatsApp) ፍቑድ ኣይኮነን።
2. እቲ ካብ ስራሕ ዘሰናብት ደብዳበ ንሰራሕተኛ ይኹን ወሃቢ ስራሕ ክበጽሕ ኣለዎ፣ እዚ ማለት ድማ ኣብ ሳጹን ፖስጣ (Briefkasten) ክኣቱ ኣለዎ ወይ ብኣካል ኬድካ ክወሃብ ኣለዎ። እቲ ካብ ስራሕ ዘሰናብት ደብዳበ ኣብ ሳጹን ፖስጣኹም ወይ ኣብ ኢድኩም ካብ ዝበጽሓሉ እዋን ተቐባልነት ኣለዎ።
3. ወሃቢ ስራሕ ካብ ስራሕ ክሰጎኩም ዝኽእል እንተደኣ ቤት-ምኽሪ ሰራሕተኛታት ነቲ ጉዳይ ብዝምልከት ተሓቢሮምን ሰሚዖምን እዮም። እዚ ኸኣ ኣብቲ ትሰርሕሉ ትካል ቤት-ምኽሪ ሰራሕተኛታት እንተደኣ ኣለው ጥራይ'ዩ ዝኸውን።

ኣስተውዕሉ፡- ካብ ስራሕ ምስ ትሰናበቱ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ስራሕ ከም ትደልዩ ናብ ኣጀንስያ ዕዮ (Agentur für Arbeit) ክተመልክቱ ኣለኩም። ዶንጊኹም እንተ ተመዝጊብኩም ድማ ናይ ሽቕለት ኣልቦነት ገንዘብ ንግዜኡ ደው ክብል ይኽእል እዩ። ብኣካል ብምኻድ፣ ብተሌፎን ወይ ብኢንተርነት (online) ስራሕ ከም ትደልዩ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ካብ ምስጓግ ስራሕ ዝከላኸል ፍሉይ ደገፍ (Besonderer Kündigungdschutz) እንታይ ማለት እዩ፧

ገለ ሰባት ካብ ምስጓግ ስራሕ ዝከላኸል ፍሉይ ደገፍ ኣለዎም ከምኡ'ውን ብቐሊሉ ብስሩዕ መንገዲ ካብ ስራሕ ክስጎጉ ኣይክእሉን እዮም። ነዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ይምልከት፡-

- ኣባላት ቤት-ምኽሪ ምኽሪ ሰራሕተኛታት
- ድሕሪ ናይ ፈተነ ግዜ (Probezeit) ምውድኡ፣ ሞያዊ ስልጠና ዝወስዱ
- ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ስድራ ግዜ (Elternzeit) ወይ ኣብ ናይ ምእላይ ግዜ (Pflegezeit) ዘለው
- ነብሰ-ጾራት ከምኡ ኣንስቲ ኣብ እዋን ሕርስን ድሕሪኡን (Mutterschutz)
- ብርቱዕ ስንክልና ንዘለዎምን መሰልቶምን

## ንስራሕ ብስምምዕ ዘብቅዕ ውዕል (Aufhebungsvertrag) እንታይ ማለት እዩ፧

ሓደ ናይ ስራሕ ዝምድና ብስንብታ ጥራይ ኣይኮነን ክውዳእ ዝኽእል፣ ብስምምዕ እውን ክግደፍ ይኽእል እዩ። ዘይከም ስንብታ ካብ ስራሕ (Kündigung) ክልቲኦም ወገናት ነዚ ስምምዕ ይፍርምሉ። ናይ ገደብ ግዜ እዋን ክሕሎ የብሉን። ኣብ ብስምምዕ ዘብቅዕ ስራሕ ብዙሓት ጉዳያት ብውልቂ ክውሰኑ ይኽእሉ እዮም። ኣዝዩ ሓደ ጎድንኣዊ ክኸውን እውን ይኽእል እዩ ከምኡ'ውን ብዙሓት ኣሉታዊ ጉድኣታት ከምጽኣልኩም ተኽእሎ ኣሎ። ቅድሚ ነዚ ውዕል ምፍራምኩም ምኽሪ ክትረኽቡ ክትፍትኑ ተመራጺ እዩ።

ኣስተውዕሉ፡- ወሃቢ ስራሕ ብዘይ ስሩዕ መንገዲ ካብ ስራሕ እንተ ኣሰናቢትኩም፣ ምስ'ቲ ኣስራሒ ዝነበረኩም ስራሕ ብስምምዕ እንተ ኣቋሪጽኩሞ፣ ወይ ባዕልኹም ስራሕ እንተ ገዲፍኩሞ፣ ኣጀንስያ ዕዮ (Agentur für Arbeit) ወይ ማእከል ሽቕለት (Jobcenter) ናይ ሽቕለት ኣልቦነት ገንዘብ ንሰለስተ ኣዋርሕ ክኽልክለኩም ይኽእል እዩ።

## ናይ ስራሕ መሰናበቲ ደብዳበ ክፍርመሉ ኣለኒ ድዩ፧

ናይ ስራሕ ስንብታ ደብዳበ (Kündigung) በቲ ነቲ ስራሕ ዝገድፎ ዘሎ ወገን ጥራይ ክፍረመሉ ዘለዎ። እቲ ናይ ስንብታ ደብዳበ ከም ዝበጽሓኩም ብፌርማኹም ክተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ክኸውን ከኣ እቲ ደብዳበ ኣብ ዝተወሰነ ዕለት ከም ዝበጽሓኩም ብፌርማኹም እተረጋግጽሉ ተወሳኺ ካልእ ሰነድ ክህሉ ኣለዎ።

ኣስተውዕሉ፡- ወሃቢ ስራሕ ነቲ ናይ ስንብታ ደብዳበ ከፈርመኩም እንተ ደልዩ ምናልባት ስራሕ ባዕልኹም ከም ዝገደፍክምዎ ወይ ነቲ ስራሕ ክትገድፍዎ ከም ዝተሰማማዕኩም ክመስል ይኽእል እዩ! ነዚ ሰነድ ምስ ትፍርምሉ ኣንጻሩ ዳሕራይ ክትከራኸሩ ከጸግመኩም እዩ። ነቲ ጽሑፍ ብቕጽበት ክትፍርምሉ ግድን ኣይኮነን፣ ንገዛኹም ወሲድኩም ብህድኣት ኣንብብዎ።